# ናይ ደገፍ መግለጺ
# ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን
# ጨንፈር ዋሽንግቶን ዲሲን ከባቢኣን

ብዕለት 4-2-05 ኩሎም ኣባላት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ ዋሺንግቶን ዲሲ ከባቢኣን እንርከብ ናይ ሓባር ኣኼባ ብምግባር ነቲ ኻኹሎም ተቓወምቲ ሓይልታት ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል ንምውዳብ ዝተበጽሐ ስምምዕ ምምስራት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ደገፍናን ሓጎስናን ንገልጽ።

ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ነቲ ብመላኺ ስርዓት ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ግፍዕ ታት ብምውጋድ ህዝቢ ኤርትራ ሓርነቱን ክብሩን ዝረጋገጸሉ ኣብ ፖለቲካውን ሰልፋዊን ብዙሕነት ዝተሰረተ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ብምትካል፡ ብልጽገትን ምዕ ብልትን ሃገር ንምህናጽ ዘረጋግጽ ስለ ዝኾነ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሐንጎፋይ ኢሉ ከምዝቅበሎ ንኣምን።

ምምስራት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ዕድመ ምልኪ ኣብ ሓደ ሰብ ዝተጠቅለለ ፍጹም ዲክታቶርያዊ ሰርዓት ንምሕጻር ጥራይ ዘይኮነስ ህዝቢ ኤርትራ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ጨቢጡ ኣብ ሰላምን ዲሞክራሲን፡ ፍትሕን ሓርነትን፡ ማሕበራዊ ርግኣትን ዝሰረቱ ሓድነት ህዝብን መሬትን ዘዐቁብ፡ ምምሕዳር (መንግስቲ) መስሪቱ፡ ነቲ ንነዊሕ ዓመታት ዝተቃለሰሉን ዘማዕደዎን ኣብ ኩሉ መዳያት ሂወቱ ንቅድሚት ብምምራሽ ንብልጽግንኡ ንምርግጋጽ ዘለዎ ባህጊ ዘርጋግጽ'ዩ።

እዚ ስለ ዝኾነ ኣብ ዋሺንግቶን ዲስን ከባቢኣን እንርከብ ኣባላት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን፡ ህዝቢ ኤርትራ ንምምሰራት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ሓንጎፋይ ኢሉ ክምዝቕበሎን ኣብ ምትርጓም መደባቱ ዓቢ እጃሙ ከምዘበርክት ዘለና ተስፋ ዓቢ ምዃኑ ነረጋግጽ።

ኣብ መደምድምታ ኣኼበኛታት ናይ ሓቢርካ ምስራሕ መንፈስ ንምድልዳልን ንትጽቢታት ህዝቢ ኤርትራ ግብራዊ ኻኸዉንን ንመደባት ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ዋሺንግቶን ዲስን ከባቢኣን እተሰላሰል ሽማግለ ድሕሪ ምቛም ኣኼባኡ ብዓወት ዛዚሙ።

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ!!!
ዝኽርን ክብርን ንስውኣትና!!!

ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን
ጨንፈር ዋሺንግቶን ዲሲን ከባቢኣን